# ሰንበት ዘናዝሬት

## ጥሪ 10 2018 ዓ.ም.(1/18/2026)



አንፈራፅ ሰብአ ሰገል አምኃሆሙ አምጽኡ መድምመ ረኪቦም ሕፃነ ዘተወልደ ለነ (ዚቅ ዘልደት)መዝሙር፡ ንጉሥኪ ጽዮን . . . ኦ ጽዮን ንጉሥኪ እቲ ሰማይን ምድርን ዝጽበይዎ ንውሉድ ወለዶ አባና መጺኡ፥ ንነገስታት ክብሪ ንዝግዝእዎ ብርሃን አኽሊል ንሰማዕታ ሽመት ካህናት ንቅድስት ቤተ ክርስትያን ዓምዳን ጸግዐን፥ አብ ቤተ ልሔም ተወልደ አብ ናዝሬት ተሓጸነ። አበሳና ስለ ዘይዘከሮ አይሓደገናን ንሱ ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ሓጎስ ኮነ።

**ንባባት፡** ኤፌ. 3፡2-6፥ 1ዮሕ. 3፡18-ፍ፥ ግ.ሓ. 15፡22-36፥ ማቴ 2፡1-12።

**ምስባክ፡** ናሁ ሰማዕናሁ በኤፍራታ፥ ወረክብናሁ ውስተ አመ ገዳም ንበውእ እንከሰ ወስተ አብያቲሁ ለእግዚአብሔር።

፫ይ ክፍሊ ዓመት ኢና ሒዝና ዘሎና ካብ 26 ታሕሣሥ 25 መጋቢት ሓጋይ ይብሃል። አብ ዘመነ ሓጋይ አዋርኅ ነቕጽን ደርቅን እዩ አብኡ ዘመነ አስተርእዮን ዘመን ጾምን ይርከብ።

ካብ ሃገርና ወጻኢ እንርከብ አብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ስለ እንርከብ ገለና ከቢድ ክረምቲ ቁሪ ዝበዝሖ ከምኡ በረድን ካልእን ዝበዝሖ ነሕልፍ ንህሉ ገለ ከአ እዋን ዝናም ጥዑም ጊዜ ገለ ኸአ ብርቱዕ ሙቐት፥ እቲ ኾይኑ እቲ እዚ እዋን ልደት ክርስቶስ መድኃኒና እንዝክረሉ ቁጹስ እዋን እዩ። ብፍሉይ መንፈስን ትግሃትን ክንዝክሮ ይግባእ። አብ ሕይወትና ምስ ኢየሱስ መድኃኒና ክንራኸብ ክንበጽሖ ምስ ህያባትናን ምሉእ ፍቕርናን አብ ቅድሚኡ ክንቀርብ ዝሕግዘና እዋን ኢና ዘሎና። ንዑናይ አብ ኢየሱስ ክንብሃሃል እሞ ብምሉእ ፍቕርን ምትሕግጋዝን ክንቀርቦ። ንኢየሱስ ክንረክብ መገዱ ድለቱ ክንፈልጥ አሎና ንሱ ኸአ ብምሉእ ልብኻ/ኺ ናቱ ኮንካ ምርካብ እዩ። አብዚ አምላኽ ዝገልጸልና ነገር ንዑናይ ክንብል እዋኑ እዩ። ልብና ከፊትና ክንመጾ ብፍቕሪ ይጽበየና አሎ።

ናይ ሎሚ ሰንበት ዘናዝሬት ተባሂሉ ይፍለጥ ካብ 5-10 ጥሪ ዘሎ እዋን ይሕዝ። አብ ናይ ዕለቱ መዝሙር ከምዚ እናበልና ንጽሊ፥ ሓደ ካብቲ አብ እዋን ልደት እንዝክሮ አስተርእዮ ወልደ አምላኽ ንዝተፈላለዩ ሰባት እዩ። አስተርእዮ ክብሃል እንከሎ “ግልጸት” “ምርአይ” የስምዕ። ልደት አምላኽ አብ መንጎና ከም ዝኃደረ ዝገልጽ እዩ በዚ ቀዳማይ ግልጸት ንብሎ፥ አብ ልደት ሓንቲ ዘይብሉ ሕጻን፥ ማኅደር/ቤት አልቦን ድኻን ብድኻታትንን ብዝተሓቱ ጓሶት ተማእኪሉ መጺኡና። እዚ ግልጸት ምስቲ ሉቃስ ዘቕርቦን ትሕዝቶ ወንጌሉን ይሰማማዕ አብ ካልኦት አይንረኽቦን።

ወንጌል ማቴዎስ ንልደት ክርስቶስ ብዝርኢ ብዝተፈልየ መገዲ የቕርበልና እቲ አትኩሮ አብ ካልኦት ወጻእተኛታት ጓኖት ዘይፍለጡ ካብ ካልእ ዝመጽኡ እዩ ዘተኩር። እዚ ካልአይ ግልጸት ንብሎ። ነቶም ካብ ርሑቕ ምስራቕ ዝመጹ፥ ሰብአ ሰገል ጓኖት ወጻእተኛታ ጨሪሶም ደቂ ዓዲ ዘይኮኑ ንዝተወልደ ሕፃን ክብርን መባእን ክህቡ መጺኦም። ማቴዎስ ንትሕዝቶ ወንጌሉ አብ

ግምት አእትዩ ኣብቲ "ኪዱ ንኹሉ ዓለም ኣርድእተይ ግበርዎም" ዝብል መሰረት ገሩ ነዚ ይነግረና። ከም ኩሉ ጊዜ ማቴዎስ ብዙሕ ግሉጽ ገሩ ኣይነግረናን፥ ብዙሕ ሕቶታት ከም እንሓትት ይገብረና፥ ምእስ እዩ ልክዕ እዚ ኾይኑ? ድሕሪ ክንደይ ኢየሱስ ምስ ተወልደ ኮይኑ? ኣበይ እዩ ኮይኑ? ብዛዕባ መብልዕ ማል ዝብል ዝጥቀስ የለን ብዘይካ ቤተ ልሔም።

ሳልሳይ ግልጸት ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ኢየሱስ ብዮሓንስ ክጥመቕ እንከሎ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ንንስሓ ዝቐረቡ እንከሎ ሰማያዊ ኣብኡ ብቃሉ ንወዱ ንተልእኮ ክሰዶ እንከሎ ተሰሚዑ፥ "እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ ብኡኡ ዝተሓጎስኩ ስምዕዎ"። ኣብ ኩሎም ወንጌላውያን እንረኽቦ ቃል እዩ።

ራብዓይ ግልጸት ኣብ ወንጌል ዮሓስን ጥራሕ እንረኽቦ መርዓ ቃና ዘገሊላ እዩ። ክፍሊ ዘመን ልደት ኣይ ኮነን ግን ድሕሪኡ ቀጺልና እንዝክሮ እዩ። መርዓ (እዚ ኸአ ናይ ፍቕሪ፥ ሓቅን ሰላምን መንግስቲ ነቲ ብኢየሱስ ዝምስረት ዘመልክት እዩ)። ማይ (ንብሉይ ኪዳን የመልክት) ኣብ ሓዲስ ወይኒ ተለዊጡ (ንሓዲስ ኪዳን እዩ ዘመልክት ኣብ መስቀል ቀራንዮ ምልክትን ማሕተምን ክኸውን ዘለዎ)። ማርያም (ንቤተ ክርስትያን ንህዝበ ኣምላኽ ትውክል) ከም መንጎኛ ኮይና ነዚ ከም ዝኸውን ገራ። እዚ ሓደ ካብቲ ሸውዓት ምልክታት ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ኢየሱስ እንታይነቱ/መነቱ ዝገለጸሉ እዩ።

መንእዮ እዮም እዞም ሰብአ ሰገል ሰብ ጥበብ" ተባሂሎም ዘለዉ? ብግሪኽ magoi ብእንግሊዝ "magi" ይብል። መበቆሉ ንካህናት ምድረ ፋርስ (ፔርስያ) ዝውሃብ ስም እዩ ነሩ፥ እዚ ስም ነቶም ብፍልጠት ካብ ካልኦት ክብ ዝበሉ እዩ ዘስምዕ። መብዝሕትኡ ስርሖም ሕልምታት ምፍታሕ፥ ምልክታት ኣብ ሰማይ ተዓዚቦም ይነግሩ፥ ይትርጉሙ፥ ብዛዕባ ከዋኽብቲ ይፈልጡ፥ ጠንቋሎ እውን እዮም።

ኣብ ዳሕራዋይ ዘመናት ብጽልዋ ናይ ዕብራዊ መጻሕፍቲ ኪዳን ሰለስተ ነገስታት ምስራቕ እዮም ዝብል ጀሚሩ። እዚ ኸአ ብጽልዋ መዝ 72፡11 ነገሥታት ተርሴስን ደሴታትን ገጸ በረኸት ኬቕርቡሉ ነገሥታት ሸባን ሳባን ድማ ውህበታት ኬምጽኡሉ እዮም ካብ ዝብል እዩ። ኣብ ኢሳ 49፡7 ነገሥታት ሓራ ምውጻእካ ርእዮም ንኽብርኻ ኺትንሥኡ እዮም መሳፍንቲ ድማ ነዚ ርእዮም ክሰግዱልካእዮም ይብል። ከምኡ ኣብ 60፡10 ደቂ መጻእተኛታት ንቐጽርኺ ኺነድቅዎ፥ ነገስታቶም ከአ ኼገልግሉኺ እዮም ይብል።

ሰብአ ሰገል ክንደይ እዮም ነሮም ኣስማቶምከ መነመን ይብሃሉ? ማቴዎስ ክንደይ ምዃኖምን ኣስማቶምን ኣይነግርን። እዚ ሰለስተ ዝብል ሰለስተ ዓይነት ህያባት ስለ ዘቕረቡ ክኸውን ይክእል እዩ። ህያባቶም ምስቲ ኣብ ኢሳ 60፡10 ዘሎ ይሰማማዕ። ኣብ ዳሕረዎት ዘመናት ኣስማቶም ይጥቀስ Caspar, Balthazar, and Melchior ካስባር ከም ጸሊም እዩ ዝፍለጥ እዚ ኸአ ንኹሎም ኣይሁድ ዘይኮኑ ኣረማውያን ዝውክል ናብ ኢየሱስ ዝመጽኡ እዩ ዘመልክት።

ማቴዎስ ካብ ምስራቕ እዮም መጺኦም ይብል እዚ ካብ ፐርስያ፥ ምስራቕ ሶርያ ወይ ካብ ዓረብ ወይ ካብ ዝኾነ ርሑቕ ቦታ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ኣስያዊ ካህን ኣባ ኣሎይሲዩስ ፐየረስ ዝተባህለ ከም ዝብሎ ንኣሳውያን ብፍሉይ ከምዝርአዩ ዝገብሮም እዞም ሰለስተ ሰብ ጥበብ እዮም ካልኦት ነቲ ኣብ ኢየሱስ ዝመርሕ ኮኾብ ከለልዩ ኣይክኣሉን ንሶም ግን ኣለልዮም ይብል።

ኮኾብ ይመርሖም ነበረ ይብል። እዚ ኮኾብ ድዩ ወይስ ካልእ ነገር ፍሉይ ትርጉም ነዚ ዝተወልደ ሕፃን ዝህብ? ከምኡ እንተ ኾነ ሰብ ከመይ ገሩ ኮኾብ ክኽተል ይክእል። ኮኾብ ኣብ ልዕሊ ሓደ ቦታ ከም ዘሎኸ ከመይ ገርና ንፈልጥ? ኣማእት ኪሜ ካባና ርሒቁ ዘሎ ከመይ ገርና ክንፈልጦ ንኽእል። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ እንተ ፈተና ጊዜና ምሕላፍ ጥራሕ እዩ ትርጉም የብሉን። እዚ

ኮኾብ ተባሂሉ ዘሎ “Symbol” ምልክት እዩ ብርሃን ንኢየሱስ ብርሃን ዓለም የመልክት። ኣብ ምስራቕ ከምኡ ኣብ ዓድና ፍሉይ ኮኾብ እንተ ተራእየ ምውላድ ወይ ሞት ናይ ሓደ ዓቢ ሰብ ከም ዝኾነ ዝብል ኣሎ። ማቴዎስ ብዙሕ ጊዜ ካብ ብሉይ ኪዳን ከም ዝወስዶ እዚ እውን ከምኡ እዩ። ኣብ ዘኍ 24፡17 ካብ ያዕቆብ ኮኸብ ኪወጽእ እዩ ዝብል ካብ ትንቢት በልዓም ንረክብ።

ካልእ ትውፊት ብዛዕባ ሄሮዱስ ንሊቃውንቲ ብዛዕባ ክርስቶስ ኣበይ ከም ዝውለድ ዝሓተቶ ዝነግር ኣሎ። መንፈሳውያን ጸሓፍቲ ንፈርያን ንእስራኤል ካብ ግብጺ ሓራ ዘውጽእ ኣብዚ ሓጺር እዋን ክውለድ ምኻኑ ከም ዝነገርዎ እሞ ንጉሥ ፈርያን ከጥፍኦ መደብ ከም ዝገበረ ዝነገር ብሂል ኣሎ።

ኣብዚ እንታይ እዩ እቲ መንፈሳዊ መልእኽቱ ክንብል ይክኣል። ዘገድሰና እቲ ታሪኽ ዘይኮነ ትርጉሙ እዩ። ኩሎም ኣብ ማቴዎስን ሉቃስን እንረኽቦም ብዛዕባ ሕጻንነት ኢየሱስ ዝነርግዎ ንመጻኢ ሕይወት ኢየሱስ እዩ። እዚ ታሪክ ብዛዕባ መራሕቲ ሃይማኖትን ፖሎቲካውያን ኣመሓደርቲ ህዝቢ ምቕባል ከም ዝኣብይዎ ኣረማውያን ህዝቢ ግን ከምተቐበልዎ ኣቐዲሙ ዝነግር እዩ።

ቤተልሔም ወላ እኳ ካብ ኢየሩሳሌም ቀረባ ትኹን ወላ ሓደ ካብ መራሕቲ ሃይሞኖት ወይ ሃገር ንዝተወልደ ሕፃን ክበጽሕ ዝተበገሰ የለን። ሊቃነ ካህናትን ጸሓፍትን ክኢላታት ቅዱስ መጽሓፍ መስሕ ኣበይ ከም ዝውለድ ይፍለጡ እምበር ብዛዕብኡ ክመራመሩ ዝኾነ መጽናዕቲ ኣይገበሩን። ሄሮዱስ ጨካንን ህሩፍን ክበጽሖ ይደሊ ነሩ ግን ምብጽሑ ክቕትሎ ኢሉ እዩ፥ በዚ እዩ ምውላድ ኢየሱስ ምስ ሰምዐ ተረቢሹ ምልእቲ ኢየሩሳሌም ከኣ ምስኡ። ዘገድሶ ነዚ ዝተወልደ ተጻራሪኡ ቀልጢፉ ካብ ገጽ ምድሪ ከጥፍኦ ክቕትሎ እዩ። እንተ ኾነ እዞም ወጻእተኛታት ብኣንጻሩ ነውሒ ጉዕዞ ተጓዒዞም ንንጉሥ ኣይሁድ ክበጽሕዎ መጺኦም።

ሰብኦ ሰገል ኣብ ርእሲ እቲ ዝገበርዎ ኣኽብሮት ምስኦም ህያባት ኣቕሪቦሙሉ ወርቂ ከርበን ዕጣንን እዚ ኸኣ ኣብቲ ኣብ ኢሳ 60፡6 ዘሎ መሰረት ብምግባር ክንርእዮ ንኽእል። “ወርቅን ዕጣንን ጽዒኖም ካብ ሳባ ኺመጹ እዮም” ይብል። ኣብ ዳሕረዎት ትውፊታት ወርቂ ንንግሥነት ክርስቶስ የመልክት፥ ዕጣን ኣምላኽነቱ፥ ከርበ ኸኣ ምእንቲ ድሕነትና ኢሉ ዝቕበሎ ሕማማትን ሞትን የመልክት ዝብል ትርጉም ተዋሂብዎም።

ኩሎም ናይ ሎሚ ንባባትና ዝሕብርዎ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ወጻእተኛ ወይ ወዲ ካልእ ዝብሃል ከምዘየለ ኵልና ሓደ ምኻና፥ ፍቑራት ደቁ ምኻና ዝገልጹ እዮም። ኵልና ግዳማዊ ሕብርናን ቅርጽናን ወይ ባህልናን ዝተፈላለየ ይኹን እምበር ኣብ ሓደ ስድራ ደቂ ሓደ ኣቦ ኢና ንሱ ኸኣ “ኣቦና” እዩ። እዚ ኸኣ ነፍሲወከፍና ኣሕዋትን ኣሓትን ኣብነነድሕድና ከም ዝኾና እዩ ዝገልጽ። ብዓሌት ሃይማኖት ሃገር ደረጃ ወይ ብዘሎና ሓላፍነት ክንፈላለ ቦታ ከም ዘይብሉ እዩ ዝሕብረና።

ዝንገረና ዘሎ መልእኽቲ ብሩህ ኣይመስልን ይኸውን እንተኾነ ዓው ዝበለን ንጹርን እዩ። ንኣምላኽ ነመስግኖ ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚኡ “ምሩጽ ህዝቢ” ኣይሁድ ወይ ክርስትያን ዝብሃል የለን። ክንርድኦ ዘሎና ኣምላኽ ብዝያዳ ዝቐርበና ንሕና ኣብ ነነድሕድና ብዝያዳ እንተ ተቐራረብና እዩ። ኵልና ደቂ ሓደ ኣምላኽ ኢና ብዝኾነ መለክዒ ካብ ኣምላኽ ዝግለል የብልና ባዕሉ ፈሊጡ መገዲ ጥፍኣት ክመርጽ ዝደለ እንተ ዘይኮነ። ብምርጫና ካብ ኣምላኽ ክንርሕቕ ንኽእል ኢና። ብዙሕ ጊዜ እንገብሮ እዩ ከምኡ ካልኦት ካብ ኣምላኽ ከም ዝፍለዩ ወጻእተኛታ ከም ዝኾኑ ንገብሮም፥ እዚ ብግልና ወይ ብስድራ ወይ ብሓባር ብጋንታ፥ ብዓሌት ክንገብሮ ንኽእል። ንሓደ ሰብ ናይ ኩልና ፍቕርን ሓልዮትን ዝግብኦ እንከሎ ከም ዝፍለ ከም ዝርሕቕ ገርካ ካብ ካልኦት ከም ዝግለል ንገብሮ ሽዑ ኣብ ገዛእ ርእሱ ወጻእተኛ ከም ዝኸውን ንገብሮ። እዚ ኸኣ እዩ ሎሚ ንብዙሓት ዘሳቒ ዘሎ።

## እቶም ከዋኽብቲ አበይ አለዉ?

አብ መወዳእታ ንርእስና ከምዚ እናበልና ክንሓትት ንኽእል። **ናይ ሕይወተይ ከዋኽብቲ አየኖት እዮም?** ሰብአ ሰገል ኮኾብ ምስ ረአዩ ተኸቲሎሞ። አብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ሰባት ግን አይተኸተሉን። አምላኽ ሎሚ ከመይን ምእንቲ ምንታይን ይጽውዓኒ አሎ? ከገልግልን ክስዕቦን አበይ ክረኽቦ ይደልየኒ? ገለ ሰባት ቀዳምነታት አብ ሕይወቶም ስለ ዝሰርዑ ንኻልእ ቀዳምነታት ክርእዩ ወይ ክሰምዑ አቋሪጾም እዮም፥ ነቲ አምላኽ አብ ሕይወቶም ዝልእከሎም ኮኾብ ክርእዩ መደብ የብሎምን ዓጽዮም እዮም። እዚ አብ ሓደ ማእከል መገዲ ንየማን ምስ ተጠወኻ ንጸጋም ክጥወ ምድላይ እዩ። ቅ. እግናጽዮስ ብዓል ሎዮላ አብ መንፈሳዊ ልምምድ አብ ዝብል ዝጸሓፎ ብዛዕባ ቃልኪዳን ዝአሰሩ ክዛረብ እንከሎ "አምላኽ እንታይ ክገብር ይደልየኒ አሎ ይበሉ" ይብል።

ሎሚ እስከ አብ ዘሎናዮ ዓይነት ሕይወት ደው ንበል እሞ ንሕሰብ እስከ። ብርግጽ ገለ ነገራት ንጽቡቕ ይኹን ንሕማቕ ክንቅይሮም ዘይክአል አለዉ፥ እንተ ኾነ ኮኾብና አበይ ከምዘሎ ክንርኢ እሞ ክንስዕቦ ገና ጊዜ አይተወድአን።

ሰብአ ሰገል ኮኾብ አበይ ከም ዝወስዶም ይፈልጡ አይነበሩን። ክሳብ ቤተሊሔም አብ ሕፃን ኢየሱስ ዘልአ ዘብጽሖም ስዒቦሞ። ብርግጽ ነቲ ዝገበርዎ ውሳኔ አይተጣዕሱሉን። ንሕና እውን ከምቲ ንሶም ዝወሰድዎ ትብዓትን ውሳኔን ገርና ነቲ አምላኽ ዘርእየና ምልክት ኮኾብና እንተ ሰዓብና ብርግጽ አብ እንገብሮ አይክንጥዓስን ኢና። ቅድሚ ሎሚ ዘይገበርናዮ እንተ ኾና ሎሚ ክንጅምር ዕለቱ እዩ።

አምላኽ ሎሚ እውን ብዝተፈላለየ መገዲ ገሩ ዝመርሓና ምልክት የርእየና አሎ፥ ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ይዛረበና አሎ ክንሰምዖ ክንስዕቦ ይጽውዓና አሎ። ህያባትና ተሰኪምና አብ ቅድሚ ክአል ኵሉ አምላኽ ክንቀውም ይግብአና። እመነት ዘልአ ሰብ አብ አምላኽ ክቐርብ ጊዜ አይወስደሉን እዩ። አብ ልብና ተመሊስና ኮኾብና አለሊና ብእምነት አብ ቤት አምላኽ ንቕረብ።

ንብዙሓት ካባና ጸጊሙና ዘሎ ብኃጢአትና ተአሚና አብ መንበረ ንስሓ ምቕራብ ከምኡ ልብና አንጺሕና ካብ መአዲ ክርስቶስ ክንቅበል ዘይምኽአል፥ እዚ ምስ አጎደልና ዝኾነ ካልእ ክፍአት ክንገብር አይከብደናን አሎ፥ ሕሰም ሓውናን ሓፍትናን ዓወት ኮይኑ ይርአየና አሎ ስለዚ ነዚ ክንቅይር ካብ ኃጢአትና ነጺሕና አብ መድሕና ክርስቶስ ምስ ህያባትና ንቕረብ።

አምላኽ እነቕርቦ ህያብ ተቐቢሉ ሰላምን ፍቕርን የውርደልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ